
# ከቢድ ሓዘን



ብጻይናን ሓውናን ያሬድ በራኺ ኣብ መበል 70 ዕድሜኡ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብሃንደበት ዓሪፉ።

ነፍስሄር ያሬድ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ኣብኡ ተማህረ። ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ፍልም ንሃገራዊ ናጽነት ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ድማ ንሓርነትን ደሞክራስን ንምስፋን ከይሰልከየ ዝተቓለሰን ዘቓለሰን ብጻይ ኢዩ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ንሱዳን ምእታዋ ሓው ያሬድ ናብ ሱዑድያ ተሰዲዱ ይነብር ነይሩ። ኣብ ሰዑድያ ኣብ ዝነበረሉ መዋእል ካብ ቃልሲ ከየብኮረ ኣባል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይኑ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ እጃሙ ኣበርከተ ። ብሰንኪ ጥዕና ምጉዳል ኣብ ስዑዲያ ክነብር ብዘይምኽኣሉ ፣ ቅድሚ 8 ኣዋርሕ ኣቢሉ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምስጋር ምስ ቤተሰቡን ፈተውቱን ይነብር ነይሩ፣ ኣብ ጥዕንኡ ገለ

ምምሕያሽ እኳ ክረአ ኣንተ ጀመረ ምሉእ ብምሉእ ግን ኣይሓወየን። ነፍስሄር ያሬድ በራኺ ኣብ መበል 70 ዕድሜኡ ብዕለት 25 መጋቢት 2023 ዓሪፉ። ብዕለት  26 መጋቢት 2023 ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ቅዱስ ዮሴፍ መቓብር ሓመድ ለቢሱ።

መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መሪር ሓዘንና እናገለጽና፣ ንነፍስሄር ብጻይና ያሬድ በራኺ መንግስቲ ሰማያት ክዋርሶ ንምነ። ንምሉእ ቤተሰቡን ብጾቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብ።

**መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**

**26-መጋቢት 2023**